# ለበዋ ስዉእ

## እታ ሽምዓ ክትነብዕ ዘክሩ ዝነብዓ

## ለበዋይ ዘኪርኩም ቃል እተዉ ሽዓ

ብጴጥሮስ ተኽሉ (ሓላዪ) 11/02/2017

**ደመይ ሕድሪዩ ከምኡውን መብጽዓ**

**ኣነ ኣይሪአንየ ተወላዕኩም ሽምዓ**

**'ታ ሽምዓ ክትነብዕ ዘክሩ ዝነብዓ**

**ለበዋይ ዘኪርኩም ቃል እተዉ ሽዓ፥**

ነዝዒ ደም ዝበሎ ጸረር

ጥይት ዝበጀሎ ዝኣተዎ ዓረር

ምእንቲ ውጹዓት ስለክብሪ ሃገር

ሂወት ዝተኸፍሎ ብግቡእ ይነገር፥

እታ ንጣብ ደም ብቀይሕ ጽሒፉ

በጃ ሓሊፉ ኢላ ክትረኽቡ ሓለፉ

ንመሰል ማዕርነት ክስዋእ ነቒለ

ኢሉዩ ዝወጸ ቃሉ ምስ ኣጥለለ፥

ኣደይ ምስ ቀሰነት ኣይሕቆንን ከብዳ

ኡፎይ ምስ በለትውን ሙሉእ ኢዩ ኢዳ

ተስፋ እንተረኺባ ኣይጽግማን ዕዳ
ብሓጎስ ትነብር ከቢራ ኣብ ዓዳ፡

ስድራይ ሰላም ስኢኖም ምስ ዝሰደዱ
ሙብጽዓና ተጠሊሙ ኢሎም ሰማእታት ይስንብዱ
ብልዕሊኦም ዝሓልፍ ኣራግጽ ድኹማት
ኤህ! ኢሉ ይረግም ስለቶም ዘኽታማት፡

ህዝበይ ከይቀሰነ ኣነውን ኣይቀስንን
መንእሰይ ብፍርሂ ከይብል ድንን-ድንን
ስሌኡኮ ኔርና ሂወትና ንምንን
ጠላም! ኢና ንብሎ ፍትሒ ዘይብይን፡

ረግጺ ስደት ሸፋሕሸፋሕ ክብል ብድኻም
የብለናኮዩ ምኽንዶ ዘይምኽን
ግን ኮይኑዩ ሓሊፍናልኩም ብዘይጣዕሳ
ኣይተጒሁዩወን ኣዴታት ቀንሱ ኣበሳ።

መንእሰይ ስሳታት ሰብዓታት
ታሪኽካ ዘክር! ዘክሮም ሰማእታት
ኣሰሩ ከይጠፍእ እቲ ምልክታት
ይኣክል! በል ኩሉ መልክዕ ምልኪታት።